ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ንናይ ቤት ፅሕፈቱ ግልጋሎት ዝዉዕል ኣቅሑት መሳርሒ ፅሕፈት :መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና ዓባይ ሲኖትራክ : መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና ዓባይ ሎደር ካብ መደበኛ በጀት ብግልፂ ጨረታ ክዕድግን ግልጋሎት ክረክብን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጉንበት 2, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 16, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢዘርፉ ዝተፈላለየ እዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 16, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2016 ዓም ግብሪ ዝከፈልክምሉን በቲ ዘፈር ስራሕ ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትእሉ

2 ናይ ነጋዳይ መለለይ ቁፅሪ ዘለኩም

3 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትእሉ

4 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብክምሉ ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘፍለጥክምሉ መረዳእታ ሪፖርት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትእሉ

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ 1 /9/2016 ዓም ከሳብ 15/9/2016 ዓም ሰዓት 11:00 ጥራሕ ዘይምለስ 300 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ከይዲ ስራሕ ትልምን ፋይናንስን ዕደጋ ንብረትን ምምሕዳር ፋይናንስን ቢሮ ቁፅሪ 102 ምዉሳድ ትክእሉ

6 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ንኣቅሑት መሳርሒ ፅሕፈት 5000 /ሓመሽተ ሽሕ ቅርሺ /: :መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና ዓባይ ሲኖትራክ 15000 /ዓሰረተ ሓመሽተ ሽሕ ቅርሺ/ : መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና ዓባይ ሎደር 15000 /ዓሰረተ ሓመሽተ ሽሕ ቅርሺ/ ጥራሕ ብሸም ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ብባንኪ ዝተረጋፀ ስፒኦ ወይድማ ጥረ ገንዘብ ቅድሚ ጨረታ ምክፈቱ ከትሕዙ አለዎም

7 ሳንዱቅ ጨረታ 16/9/2016 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓሸጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊያን ተጫረቲ ኣብ ዝተረከበሉ ይክፈት እንተዘይተረኪቦም ግን ዝዓግቲ ነገር ኣይህልዉን

8 ዝምልእ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን ይግባእ

9 ኣብቲ ዝምልእ ዋጋ ብዝዓብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኮይኑ እቲ ዝምለእ ዋጋ ምስ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝተመለአ ተሓሳቢ ይግብር

10 ሰዓራይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ዝቁፀር ኣብ ዉሽጢ 10 ተከታታሊ መዓልቲ ዝሰዓሮ ንብረት ናብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ካልኣይ ደብሪ ቁፅሪ 203 ከረክብ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ ሰነድ ማሕተም ፊርማን ናይቲ ትካል ክግበረሉ ይግባእ

12 ብተወሳኪ ተጫራታይ ሰነድ ጨረታ ዋናን ቅዳሕን ዓሺጉ ናብ ጨረታ ሳንዱቅ ኣታዊ ክገብር አለዎ

13 ካብዚ ወፃኢ ዝኮነ ይኹን ሕቶ ቤት ፅሕፈትና ዘይተኣናግድ ምካኑ ነፍልጥ

14 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙለእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0920761693 / 0914730881

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle